# ፪ይ ሰንበት ዘክረምት ዘደመና

## ሓምለ 7 2016 ዓ.ም. (7/14/2024 ዓ.ም.)።

**መዝሙር፡** ይሠጠዎ ወይሰምዖ...ደመናታት ቃሉ ይሰምዑ ብትእዛዙ ዝናም የውርዱ፥ ንሱ ንዕረፍቲ ሰንበት ሠርዓልና ነቲ ዝናም ዝሀበና ሰላም ዝጽገወና ነመስግኖ ንዝምረሉ ኣምላኽ ነቲ ዝልምኖ ጽን ኢሉ ይሰምዖ እዩ። ጎይታ ሰንበትን ኣምላኽ ምሕረትን ኣብ ዓዓመቱ ክረምቲ ይኸፍት ደመናታት ከአ ቃሉ ይሰምዑ እዮም።

**ንባባት፡** ሮሜ 8፡18-23፥ 1ጴጥ 3፡8-15፥ ግ.ሓ. 14፡8-19፥ ማቴ 13፡1-31።

**ምስባክ፡** አርውዮ ለትለሚሃ ወአስምሮ ለማዕረራ፥ ወበነጠብጣብከ ትበቍል ተፈሢሓ። ንነግሕታታ ተስትዮ፥ ንድንኾላታ ትምድምዶ፥ ብዝናም ተለምልማ ንብቍላ ትባርኾ መዝ. 65፡10።

ሎሚ ዘኪርናዮ ዘሎና ሰንበት ዘደመና ተባሂሉ ዝፍለጥ ካልአይ ሰንበት ዘክረምት እዩ። እዋኑ እዋን ክረምቲ ስለ ዝኾነ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ስም ንህቦ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሰንበት እንዝምሮ መዝሙር ከምዚ ይብል፡ ጎይታ ሰንበት ንኹል ዝለመኖ ንጸሎቱ ይሰምዖን ይህቦን። ኣምላኽ ምሕረት በብዓመቱ ክረምቲ ይኸፍት እሞ ደመናታት ቃሉ ይሰምዑ ይብል። ንኹሉ ኣብዚ ዓለም ዘሎ ኣምላኽ ዝሃበና እዩ፥ ኩሉ ፍጡር በብመልክዑን ባህርያቱን ክብርን ግርማን ኣምላኽ ይገልጸልና። እዋናት ክረምቲ ንሓዲስ ነገራት ኣብ ሕይወትና ክንሰናዶ የዘኻኽረና፥ ኣብ እምነትና ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወትና ንዝበለጸ ተሓድሶ ክንወፍር ከምኡ ኣብ እምነት ብስለት ክነርኢ እሞ ንኻልኦት ክንሕግዝ ከም ዝግብኣና ፈልጢና ንኣምላኽ ኣብ ኣገልግሎቱ ክንውፍር ክንሓስብ ዝሕግዝ እዋን።

ናይ ሎሚ ወንጌል ምስ ዝሓለፈ ሰንበት ዘንበብናዮ ሓደ እዩ (ሉቃ 8፡4-15) ኣብ ማርቆስ እውን ንረኽቦ ኢና (ማር 4፡1-19) ብዛዕባ ዘርኢ ይዛረብ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ብምስላ ገሩ ይዛረብ ከም ዝነበረ ኣብ ወንጌል ብተደጋጋሚ ንረኽቦ። ብዛዕባ ዘርኢ ይዛረቦም ነሩ እዚ ምናልባት ብሰለስተ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ፥ ፩ያ ካብ ሰማዕቱ ብዙሓት ሓረስቶት ብዛዕባ ማሕረስ ብቐሊል ክርድኦም ስለ ዝኽእል። ፪ይ ብዛዕባ ዘርኢ ክንሓስብ ከሎና ዓሚቕ ትምህርቲ ስለ እንምሃር ጽቡቕ ኣብነት ንሕይወትና ክኾነና ስለ ዝኽእል። ፫ይ ኣብ እዋናት ክረምቲ ዝተዛረቦ ዘረባ ክኸውን ይኽእል፥ ሽዑ ሰማዕቲ ምስቲ ዘለውዎ እዋን ኣወሃሂዶም ክርእይዎ ከለዉ ብዝያዳ ክርድኦም ይኽእል። ኣብ ሕይወትና በቲ እንፈልጦ ባህልን ዘረባን እሞ ከምቲ ዝዓበናሉን እንፈልጦን ክንገረና ከሎ ብዝያዳ ክርድኣና ይኽእል። በዚ እዩ ኢየሱስ በቲ ዝፈልጥዎ ዝዛረቦም ዝነበረ።

አብ ዘርኢ ብዙሕ ምስጢር አሎ። ሓደ ካብቲ ንዘርኢ ኣብ ዝግብኦ ፍረ ዘብጽሖ ማይ እዩ። ማይ ኣብ ኩሉ ዓቢ ተራ አልኦ። እንነብረላ ዓለም ዳርጋ ¾ ማይ እያ። ማይ ኣብ ሕይወት ፍጡራት ዓቢ ኣገዳስነት አልኦ። ዓሣ ብዘይ ማይ ክነብር ኣይክእልን እዩ፥ እንስሳታት ኣታኽልቲ ሰባት ኩልና ማይ የድልየና። ብዘይ ማይ ክነብር ዝኽእል የለን። ሓካይም ከም ዝብልዎ ሰብ ኣብ መዓልቲ ካብ 6-8 ብርጭቆ ማይ ክሰቲ አልኦ። ማይ ኣብ ዘይብሉ ክንደይ ጸገም ከምዘሎ ኩልና እንርድኦ እዩ። ማይ ዘይብሉ መጻኢ ተስፋ የብሉን። ሎሚ ኣብ ምስራቕ ኣፍሪቃ ከምኡ ኣብ ገለታት ክፍልታት ዓለምና ደርቂ በርቲዑ ንብዙሓት አስጊኡ አሎ። ኢየሱስ ኣብ ምሳሌኡ ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ከም እተነበዮ ማይ፥ መሬት፥ ዘርኢ ፍሉይ ትእምርቲ ኣብ ሕይወትና እሞ እምነትና ብዝርኢ ዓቢ ትምህርቲ ክኾኑና ከም ዝኽእሉ ንዕዘብ። ሰለስቲኦም ኣብ ዘርኢ ኣብ ፍረ ክበጽሕ ዘልኦም ግደ ብቐሊል ክንዕዘብ ንኽእል። ነዚ ምስ ኣብ ሕይወትና ዝዝራእ ቃል ኣምላኽ ኣተተሓሒዝና ክንርእዮ እንከሎና ኣብ ሕይወት ደቂ ሰብ ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ክንርኢ ንኽእል።

ንባባትና ከምኡ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ብሓፈሻ እንተ ረኤና ካብቲ ብዙሕ ንፍቕሪ ኣምላኽ ክገልጹልና ኢሎም ብዛዕባ ማይ፥ ሓመድ ከምኡ ብዛዕባ ዘርኢ ኣተሓሒዞም ይዛረቡና።

1. ኣብ መዝሙር 65፡9 ዘሎ እንተ ረአና ከምዚ ይብል ንምድሪ ትሓልየላ ዝናም ሰዲድካ ከአ ተጽግባ ፍርያምን ሃብታምን ትገብራ፥ ንርባታት ብማይ ትመልኦም፥ ንምድሪ ድማ ኣዝርኢቲ ኽም እተብቍል ትገብራ፥ እዚ ከአ ነቲ ኣብ ኢሳያስ 55፡10-11 ዘሎ መሰረቱ እዩ፥ ቃል ኣምላኽ ፈቃርን ኣብ ሕይወትና ሳዕቤን ዘልኦን ከምዝኾነ ከረድእ ከም ዝጸሓፎ ንርኢ። ዝናምን ውርጪን ካብ ሰማይ ይወርዱ፥ እሞ ንምድሪ የስትያ፥ ከም ትብቍልን ከም እትፍርን ከአ ይገብራ፥ ዘርኢ ንዘራኢ፥ መግቢ ንተቐላቢ ከም እትህብ ከይገበራ ንድኅሪት ኣይምለስን። ከምኡ ኸአ እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ፥ ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኼስልጥ ኣብቲ ኣነ ዝደልዮ ዝልእኮ ጕዳይ ኬቕንዕ እዩ እምበር ብኽንቱ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ ዝብል ነንብብ። ማይ ኣምሳል ሕይወት እዩ፥ ንዘርኢ ሓዲስ ሕይወት ክፈጥር ማይን መሬትን የድልይዎ። ንሕና ኣብ እምነትና ከም ክርስትያን ሓዲስ ሕይወት ክንረክብ ቃል ኣምላኽ ከም ዘርኢ ኩሉ ጊዜ ኣብ ልብና ክዝራእ ኣለዎ። ባይታ ክነጠጥሓሉ ግቡእና እዩ።
2. ኣብ ወንጌል ኢየሱስ ነርድእቱን ዝሰምዕዎ ንዝነበሩ ከረድእ ኢሉ ብዙሕ ምሳሌታት ይጥቀም ከምዝነበረ ነንብብ። ክርድእዎ ኢሉ ብምሳሌ ይዛረቦም ነሩ።
    - ምሳሌ ኣምሳል እዩ፥ ምስ ባህርያዊ ኣመሳሲልካ ወይ ምስ ኩሉ ዝፈልጦ ገርካ ንሰማዒ ብቐሊል ከምዝርድኦ ገርካ እተቕርቦ እዩ። በቲ ንሱ ዝህቦ መልእኽቲ ንእእምሮ ሰባት ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ነቲ ሓቀኛ መልእኽቲ ከም ዝርድኡ ክትገብር ይሕግዘካ። ኣብ ዘረባና ትርጉም ዝህብ ምሳሌ ክንጥቀም ከሎና ነገርና ሰባት ብቐሊል ይርድእዎ። ምሳሌ ንምስጢር ዘረባና ብቐሊል ይገልጾ።
    - ሰሚዕካ ምኽአል፥ ኣብ ሓደ እዋን ብምሳሌ ምስ ተዛረቦም ነቶም ሰማዕቱ እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ ኢሉ ተዛሪቡ እዚ ክብል እንከሎ ኢየሱስ ንኣና እውን መልእኽቱን ምሳሌኡን ክንሰምዕ ኢሉ እዩ። ንዝሰማዕናዮ ኣብ ካልኦት ክነሕልፎ ምእንቲ እዩ። ክተፍሪ ክተመሓላልፍ ክትሰምዕ ኣሎካ።
    - መንግስቲ ኣብምላኽ ኣብ መንጎና ኣላ፥ ኢየሱስ ኣብ ኩሉ ስብከቱ ዝኹስኩሶም ዝነበረ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ተረዲእና ክንነብር ኢሉ እዩ። ኣብ ኣተሓሳስባ ሰባት ሰማይ ኣብ ላዕሊ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም እንተኾነ ኢየሱስ ኣብ መንጎኹም ኣሎ ይብለና። ንሱ ብምሉእ ኣብ ኣምላኽ ክርከቡ ኢሉ ብምሳሌ ብቃሉ ሰቢኽዎም ሎሚ እውን ነዚ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ይሰብኮ ኣሎ።
    - ክንምስክር ይግባእ።ኣብ ኩሉ እነርእዮ ዕብየት ኣምላኽ ከም ዝሃበና እንተ ፈለጥና፥ ልብና ንናይ ኣምላኽ ግልጸት ክፉት እንተ ገበርና፥ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክፉታት እንተኾና ኣብ ሕይወትናን እምነትና ሓቀኛ ምዕባሌ ክንገብር ኢና።
3. ኣልእሉ ኣልባቢክሙ፥ኣብ ቅዳሴ ካህን ኣልዕሉ ኣልባቢክሙ እናበለ ልባትና ክነልዕል እሞ ምስኡ ክንከውን ይዕድመና። ካብ ዘሎናዮ ኩነት ቀይርና ናይ ኣምላኽ ክንከውን ዝሕግዝ ሁመት። ልብና ክነልዕል ከሎና መንበሪ ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ጻርዩ ዋንኡ ኣምላኽ ጥራሕ ክንገብሮ ከም ዝግብእና ክንፈልጥ ኣሎና ምእንትኡ ኸአ ዝክአል ቃልሲ ክንገብር ኣሎና።
4. ልብና ንፍቕሪ ኣምላኽ ጥራሕ ክንከፍት ከሎና ንቃል መንግስቲ ኣምላኽ ክንርዳእን ክንቅበልን ንኽእል። ምስ ቃል ኣምላኽ ክንተኣሳሰር እንከሎና ኣብ ተፈጥሮና ተመሊስና ብጸጋ ኣምላኽ ነለስልሶ ኣሎና እዚ ኸአ ዘርኢ ፍቕሪ ኣምላኽ ብብዝሒ ኣባና ከፍሪ ኣፍደገ ንኸፍት። ኣምላኽ ኣባና ፍረ ክርኢ ናታትና ተሳትፎን ድለትን ክርኢ ይደሊ።

5. ጸሎትና ሎሚ እግዚአብሔር ሎሚ እንታይ ይብለኒ አሎ? ዝብል እዩ። ንነፍሲ ወከፍና በቲ ዘሎናዮ ሕይወት ክነመሓላልፎ ዝግብኣና መልእኽቲ አሎና። መጀመርያ ክንገብሮ ዝግብኣና ነገር እንተሎ ልብና ቀልብና አብቲ ንሱ ዝህበና ክነድህብ ይግብኣና። ነዚ አብ ግብሪ ክነውዕል ከአ አምላኽ ንዝህበና ጽን ክንብል ንሱ ንዝብሎ ልብና ክንከፍት ይግብኣና። በዚ ዝስዕብ አገባብ ይዛረበና።

ስማዕ/ዒ!ክብለና እንከሎ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እዚ ዝስዕብ እዩ።

- ምስ ኩሉ ሰላም ክንገብር ይደልየና፥ ማለት፥ አብ መንጎ ስድራና፥ ቤተ ሰብና ፍቕሪ ክነምጽእ ክንሰምዖ ይደልየና።
- አብ ከባቢናን ምስ ኩሉ ሰብ ብጽቡቕ ክነብር ይደሊ። ናይ በይንና ሰላም ዕግበት አይህበናን እዩ። ምስኩሉ ዝርከብ ሰላም እዩ ዘቕስነና።
- ንሕሙማት ንዓበይቲ ንጽጉማት ክንበጽሕ ይደልየና። ጽጉማት ርኢኻ ምኽአል። ገለ ሰባት ነዚ ጸጋ ዝተዓደሉ ዕዉታት አለዉ። ንጽጉም ርእዮም ይኽእሉ እሞ እጃሞም የበርክቱ። ልዕሊ ኹሉ ጽጉም ዝብሃል ካብ ጸጋ አምላኽ ርሒቑ አብ ኃጢአት ዝነብር እዩ። ንአምላኽ አብ ሕይወቱ ክርኢ ዘይክእል ዝዓበየ ጽጉም እዩ።
- አብ ኩሉ ፍቕሪ፥ ሓጎስ አምላኽ ክንሰብኽ። አብ መንጎ ሰባት ድለት አምላኽ ከም ዝሰፍን ክንገብር ይግብኣና። ንእምነትና ክነብሮ ከሎና ንሰብኽ አሎና። አብ ገለ እዋን ብምሕፋር ብምፍራህ ከምኡ ብግዝያዊ ነገራት ተታሊልና ንእምነትና አይንምስክሮን። መምህርናን ጎይታናን ግን አብ ቅድሚ ኩሉ እምነትና ክንምስክር ከም ዝደሊ ገሊጹልና እዩ። ቃል አምላኽ ሰበኽቱ ኩልና ብጸጋ ጥምቀት አብኡ ዝሓበርና ነዚ ሓላፍነት ለቢስናዮ አሎና።
- አብ ኩሉ ሕይወት ሕብረተሰብ አብ መንግስታውን ፖሎቲካውን መዳይ ከይተረፈ ድለት አምላኽ ክነንግስ ተጊህና ክንሰርሕ። ንዓለምና ከም ጨው ኮና መቐረትን ጣዕሚ ፍቕሪ አምላኽ ክነግር። እዚ ግን ዘይ መልክዑ ከይለብስ ምጥንቃቕ ይሓተና። አብ ገለ እዋን ፖሎቲካዊ ነገራት ንእምነትና ከይጸልዎ እሞ ዘይ መልክዑ ከይለብስ ምጥንቃቕ የድሊ። ንሓቅን ንፍትሕን ብዓይኒ ክርስቶስ እምበር ብዓይኒ ፖሎቲካ ከይንርእዮ ክነስተውዕል አሎና። ፖሊቲካውያን ንእምነትና መጋበሪ ከይገብርዎ ምስትውዓል የድሊ። እምነትን ፖሎቲካን ክልተ ነናቱ መገዲ ዘልኦ እዩ ክንሓዋውሶ ከሎና ንኽልቲኡ ንጎድኦ።
- ንተልእኮ መንፈስ ቅዱስ ልኡኻቱን ፈጸምቱን ኮና ክንርከብ ኩሉ ጊዜ ክንጽሊ ይግብኣና። ሰበኽቲ ክንከውን መጀመርያ ሰማዕቲ ክንከውን። ንቃል አምላኽ ክንሰምዖ ክንርድኦ አብ ህይወትና ከነወሃህዶ ኩሉ ጊዜ ክንጽዕር ግቡእ እዩ። ብዘይ ቃሉ ሓንቲ ክንገብር አይንኽእልን ኢና። ንቓሉ አብ ልብና ቦታ ክንህቦ ከሎና ክንሰብኮ አይክጽግመናን እዩ።

6. መጻኢ ጸጋ ካብ ናይእዚ ዓለም ስቓይ አዝዩ ይበልጽ፥ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ አብ ሥጋናን አብ ዓለምናን ዝርከብ ነውጺ ክገልጽ እንከሎ ንስቓይ እዚ ዘመንዚ ነቲ አባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረዮ እአምን እየ ይብል። አብዚ ጳውሎስ ክንሓልፎ ዝግብኣና ስቓይ ይገልጸልና። እቲ ዝጽበየና ክብሪ ምስቲ ዝኻነፈና ስቓይ አይወዳደርን እዩ። እንተኾነ አብ ዓወት አብ ሓጎስ ክንበጽሕ ክንሓልፎ ዝግብኣና ጉዕዞ አሎና።

- ናይ ኵልና ተሳትፎ ዝሓትት ተልእኮ፥ መንግስቲ አምላኽ እቲ ኢየሱስ ዝዘርኦ ፍረ አብ ርትዒ፥ አብ ሰላም፥ አብ ፍቕሪ ከም ሓደ ክኽፈት ዝኽይድ ዘሎ ፍረ ዘርኢ ኮይኑ ክርአ ናይ ኩላትና ተሳትፎ የድልዮ። ኢየሱስ ዘሪእዎ እዩ አነን ንስኹምን ነዚ ዝተዘርአ ክነዕብዮ ሓላፍነትና እዩ። ከምቲ ሓደ ዘርኢ አብ ፍረ ክበጽሕ ናይ ብዙሕ ነገር ተሳትፎ ዘድልዮ ማለት ማይ ጽቡቕ መሬት፥ ድኹዒ፥

ፀሓይ፥ ምዅስኳስ፥ ሓለዋ፥ ዘድልዮ ከምኡ ቃል ኣምላኽ ኣባናን ኣብ ዓለምናን ክፈሪ ናይ ኩልና ተሳትፎ የድልዮ።

- ከይደኸምና ክንቃለስ ኣሎና፥ ንሕና እቶም መጀምርያ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልና ከምቲ ክንኮኖ ዝግብኣና ክንከውን ንቃለስ ዘሎና ኩሉ ጊዜ ብትዕግስትን ምሉእ ምስትውዓልን ክነፍሪ ከም ዝግብኣና ክንሓስብ ኣሎና። እምነትና ዘፍረናዮ ፍረ ክነርኢ ይሓተና እዩ። ዘርኢ ኣብ ልብና ተዘሪኡ እዩ ፈርዩዶ ኣይፈረየን ግን ናታትና ግደ እዩ። ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋ ኣብቲ ዝግብኦ ክነብጽሖ ሓላፍነት ክስምዓና ኣለዎ። ሰብ ንስለ ምንባር ጥራሕ ክነብር እንከሎ እንስሳዊ ባሕርዩ ይመልኮ እዩ። ነዚ ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ከምለስ ንእንኸዶ መገዲ ክንርኢ ንቃል ኣምላኽ ክንሰምዕ ከምኡ ብልኡኻት ኣምላኽ ንዝውሃብ ምኽር ክንሰምዕ ክንክእል እንከሎና ጸጋ ኣምላኽ ኣባና ይዓዪ ኣሎ ማለት እዩ።

ኩልና ብማይ ዝተጠመቕና ኢና ሕይወት ዝህብ ማይ። ኣብዚ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ክንቀርብ እንከሎን ኣብ ጥምቀት ዝኣቶናዮ ቃል ንሕድስ። ነቲ ዝሓፈስናዮ ፍረ ኸኣ ምእንቲ ክንሕደስን ክንቅየርን ምእንቲ ኣብዚ ታቦት ኣምላኽ ሒዝናዮ ንቐርብ። በብእዋኑ ዝንገረና ቃል ኣምላኽ ኣብ ልብና ኣሕዲርና ኣብ ፍረ ነብጽሓዮ።

ማርያም ንቃል ኣምላኽ ብምሉእ ልባ ተቐቢላቶ ኣብኣ ኸኣ ዓበይቲ ነገራት ገሩላ። ቃል ኣምላኽ ዝህቦ ጸጋን በረኸትን ካብ ማርያም ክንምሃሮ ንኽእል። ማርያም ንቃል ኣምላኽ ምስማዕ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ልባ እውን ተሕድሮ ነራ። ብኣኡ ትምራሕ ነራ። ነቲ ብዓይኒ ሥጋ ክትርድኦ ዝጸገማ መልሲ ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ከምኣ ሰባት ኣይተጸበየቶን። ብመንፈስ ቅዱስ ንዝተገልጸላ ቃል ኣምላኽ ሐራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ስለዚ ማርያም እታ ቀዳመይቲ መምህር ከመይ ገርካ ንቃል ኣምላኽ ከም እትሰምዕ እትነግረና እያ። ኦ ማርያም ኣደና ንሕሹኽታ ኣምላኽና ክንሰምዕ እሞ ከምቱ ንሱ ዝብለና ኮና ኣፍረይቲ ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንከውን ሓግዝና ንበላ።

ርሑስ ክራማት ብነፍስን ብሥጋን ፍረ እንሓፍሰሉ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ